# ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን፡ ሰነዳቱን !

## ካልኣይ መወዳእታ ክፋል

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብኣዋጅ ሓደ ዝተወሃሃደ ፖለቲካዊ ሰልፊ ምዃኑ ኣፍሊጡ ኣሎ። እዚ ውህደት ሰልፍና ከኣ ብሓደ ስነ ሓሳብ ዝተጠምረ ምዃኑ ንህዝቢ ብግልጺ ዘቐመጠ ሰልፊ'ውን እዩ። እዚ ውህደት ኣብ መስርሒ፡ ኣብ ንድፊ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮን ቅዋምን፡ ኣብ ቅርጺ ሰልፊ፡ ብልዕሊ ኩሉ ድማ ኣብ ዕግበትን ኣባላቱ ዝተመስከረሉ'ዩ።

### ሰሜን ኣሜሪካ

ቆቅ'ርብ እንዳገበርካ፡ ከተንሳሕብ ስለ ዝጀመርካ፡ ነቲ ኣብ ሰልፊ ህዝቢ ዝነበረካ ኣረኣእያ፡ ክትከብሶን ክትስብስቦን፡ ኣብ ሰሜን ኣሜርካ ዝርከቡ ኣባላት ክትብል ኣብ መወዳእታ ክስታትካ ናብ ሓደ ውሱን ቦታ ክትውግኖ ጀሚርካ። ክቡር ሓው ሓየሎም፡ ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዞባ ኣሜርካ ብቀዳምነት፡ ኣብ ዝሓለፈ ውድብ ንምሕያል፡ ኣብ መስርሕ ምምስራት ሰፊሕ ህዝባዊ ሰልፊ ኣብ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ ካብ ዝገበርዎ ኣስተዋጽኦታት ምስ ናይ'ዚ ሕጂ ትብሎ ዘሎኻ ጉዳይ ፈጺሙ ዘይራኽብ'ዩ። ደረቱ ዝሓለወ ንቕሓት ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዓወት ኣይስክሮ፡ ጌጋ'ውን ኣየሽብሮ። ንኩሉ ከም ኣመጻጽእኡ ንስለ መደብ ዘንብረሎም።

ደጊም ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ፡ ህላወ ንቕሓት ኣባላት ካብ ዘይከሓድኻ፡ ንስኻ ሓየሎም ብዛዕባ ጉዳያቶም ደፊርካ ትዛረበሉ፡ እቶም ንቑሓት ዝበልካዮም ከኣ ዝፈርሕሉ፡ እንታይ ስለ ዝኾኑ'ዮም። ካብ ክልተ ነገር ሓደ መርጽካ ክትጽሕፍን፡ ብትብዓት ንሞጎተኻ ከተመዓራሪ ይግባኣካ። እዚ ማለት ደጋጊምካ ጀጋኑ፡ ንቕሓት ትብል፡ በቲ ሓደ ከኣ ብሓደ ውልቀ ሰብ ዝምርሑ እንዳበልካ ክትቅጽል ንዓኻ ኣብ ቅድሚ ሰብ ዘምዝነካ እመስለኒ።

### ሰ.ህ.ኤን ህ.ግ.ዲ.ፍ

ኣብ መንጎ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን፡ ህ.ግ.ዲ.ፍ ክልተ በበይኑ ዝኾነ ኣንፈት ሒዙ ዝነቐለ ክልተ ዓይነት ኣገባብ ኣመሰራርታን ተምክሮን ዘለዎ እዩ። ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ቅድሚ ንነፍሱ ከም ሰልፊ ምፍላጡ፡ ንሰልፊ ከም ሰልፊ ከጽውዕ፡ ከስርሕ ዝኽእል ምድላዋት ኣካይዱ፡ ቀዳማይን ኣውራን ከኣ ካብ'ቲ ንበይነይ ዝብል ኣተሓሳስባ ወጺኡ፡ ምስ ማሕበራት፡ ውድባት፡ ውልቀ ሰባት ብደብዳበ ወይ ብኣዋጅ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብኣካል ኮፍ ኢሉ ዝተዛተየሉን፡ ናይ ሓባር መደባት ክሕንጽጽ፡ ናይ ሰፊሕ ህዝባዊ ሰልፊ ንኽምስርት ከም ዝደሊ ውሳኔታቱ ኣፍሊጡ'ዩ።

እዚ ማዕረ ክንደይ ሓቕነት ኣለዎ፡ ኣብ ክሊ ተቃውምቲ ሓይልታት ኤርትራ፡ በቲ ኣነ ዝደልዮ ዘይኮነስ፡ በቲ ንስኻ ትጠልቦ ቁጽሪ መሰኻክር ብልክዕ ክቀርበልካ ከም ዝኽእል ኣይጠራጠርን፡ እዚ ንይምሰል፡ ወይ ንዘረባ ተባሂሉ ዘይኮነስ፡ ብልክዕ ዝተኻየደ መስርሕ ምዃኑ ክትፈልጥ ይግባእካ። ሳልሳይ ውድባዊ ጉባኤ መስራቲ ሰልፊ ህ.ግ.ዲ.ፍ ከመይ ከም ዝነበረ፡ ይትረፍ ንስኻ፡ እቶም ኣብኡ ዝነበሩ እሞ ከኣ ብዝለዕለ ድምጺ ምርጫ ዝረኸበ፡ ኣባላት ማእከላይ መሪሕነትን ባይቶን ዝነበሩ ኣካላት እቲ ጉዳይ ንረብሓ ህዝቢ ከም ዘይወዓለ ዝምስክርሉ'ዩ። ሕጂ ኸ እንታይ ትብል። ኣብ'ዚ ክንሳማማዕ ንኽእል እመስለኒ፡ ወይስ ?

### ንቁሕ ኣካል

ብኣባሃህላኻ ንቁሕ ኣካል እንታይ ማለት'ዩ። ንቁሕ ኣካል፡ ምስ ምጽሓፍን ምንባብን ማለት ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ዝተኣሳሰረ ድዩ ? መሰረታዊ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ዘለዎ ድዩ ? ወይስ እኩብ ድምር ናይ'ዚ ዝተጠቕሰ ናይ ቃልሲ ኣንፈት ዘስተባህልን ማለትካ'ዩ ? ህላውነት ንቁሕ ኣብ ምቅራብ ፍታሕ ዘለዎ ግደታት ኣብሪህካዮ ምጻእ'ሞ ድሕሪኡ ብዛዕባ ግደታት ንቑሕ ኣካል ክንዛረብ። እቲ ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ህዝቢ ኣሎ ትብሎ ንቁሕ ኣካል ንተራኡን መሰሉ ዘይሕለኸ፡ ግን ግቡእ ጥራሕ ዝፍጽም መሰል ዘይብሉ ትብሎ ዘሎኻ ተጋራጫዊ ስለ ዝኾነ ኣሪምካዮ ምጻእ። ልዕሊ ኩሉ ብሓደ ስሙ ሓቢኡ ዝጣበቕ ናይ ንቕሓቶም ምስክር ክኾውን፡ እቶም ንቑሓት ባዕሎም ክዛረብሉ ዘለዎም እመስለኒ። ብናይ ሕቡእን እሞ ከኣ ንቑሕ ፈልጣን'የ በሃሊ ባእታ፡ ናይ ንቁሓትን ዲሞክራሲያውያን ንቕሓት ገላጽን መስካርን ክኾውን ኣይክእልን እዩ። ኣይመስለካን ?

ኣብ'ዚ ብዛዓብ ሰልፊ ህዝቢ ኣልዒለ ክጽሕፍ እንተኾይነ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ኣተሃላልዋ፡ ኣሰራርሓ መላእ ኣባላት ሰልፊ'ምበር፡ ብዛዕባ ውልቀ ሰባት፡ ውልቐይን ኣይክኾውንን'ዩ። ንዓይ ዝበልካ እንተበልካ፡ ናተይ ኣተሃላልዋ፡ ምስ ኩሎም ኣባላት ሰልፊ ናይ ፖለቲካዊ ሂወት ዝተኣሳሰረ ስለ ዝኾነ፡ ናይቶም ካልኦትው'ን ከምኡ፡ ብተናጽል ዝዘረበሉ የብሉን። ከም ኣብነት ወሲድና ጸገማት ክህሉ እንተኾይኑ ብተናጽል ዝዘረበሉ እንተሃልወ ከኣ ንሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዝምልከት ጉዳይ'ምበር፡ ንሓየሎም ድራር ዝምልከት ኣይኮነን። እንተደኣ ንሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ብብዝሒ ባላቱ ናይ ኩሉ ውልቀ ወሲድና ክንዛረብን ክንጣበቕን ክንዛረብን ኮይና ኣሽሓት ሓየሎም ኣለዉ ማለት'ዩ። እቲ ነገር ከኣ ዝጥርነፍ ዘይኮነስ ዝብተን፡ ፋሕፋሕ ዘብል ኮይኑ ማለት እዩ። ዕላማኻ ከኣ ነዚ ዝመስል'ዩ።

ዲሞክራሲያውነት ሕንጻ ሕጊ

ዲሞክራሲያ ካብ ኣነዳድፋ ሕንጻ ሕጊ'ያ ትጅምር፡ ልክዕ ካብ መጀመሪያ ንድፊ ክሳብ መፈጸምታ ውሳኔ ዘሎ መስርሕ፡ ነቲ ዲሞክራሲያዊ ህንጻ ሕጊ ዘንጸባርቕ'ዩ። እሞ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ነዚ ኣገባብ ኣይተኸተለትን ባህሊ ዲኻ ? እወ ትብል እንተኾንካ፡ ዝበልካዮ'ውን፡ ንስኻ ጸረ ሰልፊ ህዝቢ ዝተዓጠቕካ፡ ንጻዕሪ፡ ስርሓት፡ ተምክሮ፡ ተወፋይነትን፡ ጽንዓትን ሞያ መላእ ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ብዘለካ ውልቃዊ ቅርሕንትን ጽልእን፡ ክትድምስስ ትፍትን ዘሎኻ ምኻንካ ሕርሕራይ ገቢሩ መንነትካ ገሊጽዎ ኣሎ፡ ኣብ'ዚ ከኣ ንስኻ ምስ ህልዉ ኩነታት ዘይትስጉም ምኻንካ ጥራሕ'የ ክመዝን ዝኽእል። ክንዲ ጎቦ ጸለመን ሓሶትን ክትጽሕፍ ቅሩብ፡ ሰባት እንታይ ይብለኒ ኣይትብልን ዲኻ። ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ኩሎም ባላት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዶ ኣይኮነን ?

ከም'ዚ ናትካ፡ ንጸለም ዝተበገሱ'ኳ ነይሮም እዮም፡ ግን መርትዖ ዝሰኣኑን፡ እተን ናይ ጸለመ ቃላቶም ምስ ወድኡ ቀቢጸም፡ መንተኦም፡ ናይ ሓሶት ፋይሎም ዝዓጸዉ ከም ዘለዉ ክትፈልጥ ጽቡቕ'ዩ።

ውልቀ ኣባላት

ንውልቀ ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ብዛዕባ ምክልኻል ዝለዓል ሕቶ፡ እቲ ንኽከላኸል ዝንቕለኒ ጉዳይ ንዓይ ዝትንክፍ ምስ ዝኸውን፡ ምስ'ቲ ተኸሳሲ ዘሎኒ ሓባራዊ ዕላማ ዝተኣሳሰረ ምስ ዝኸውን፡ ምስ ሃገራዊ ጉዳይ ዘራኽብ'ምበር፡ ብሽም ኣባል ሰልፍና ተጸሪፉ ወይ ተንቒፉ ዝብል መንቀሊ ከም ዘይኮነ ሓደ ክትግንዘቦ ዘሎካ'ዩ። ኣነ ንሃይለ ገብሩ መሪጸ፡ ብምርጫይን፡ ምስ ሃይለ ገብሩን ካልኦት ብዙሓት ብሓባር ንዝወሰናዮ ጉዳይን ውጽኢቱ፡ ኣብ ልዕሊ ውሳኔና ከም'ዚ ናትካ ሃቡብላ ጸለመ ምስ ዝለዓል ዝከላኸለሉ ኣነን ንዓይ ዝመሰሉ እዮም፡ ዝከላኸልሉ ከኣ ብጭብጥን ሰነድን'ምበር፡ ኣልዕል ኣቢለ ምስኡ ጥራሕ ንስለ ዝነበርኩ ኣይኮነን። ብዛዕባ 'ዚ ጉዳይ እዚ ዝኣክለካ እመስለኒ። ሎሚ ኾነ ጽባሕ እቲ መልሲ ንሱ'ዩ።

ናይ ገበታ ጸለመን ሓሶትን፡ ሓየሎም ድራር

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነቲ ቅድሚ 25 ዝነበረ ኣተሃላልዋ ተ.ሓ.ኤ ንበይኑ ከም ዘይምርሐን፡ ነቲ ተመክሮ ንበይኑ ከም ዘይሓለፎን፡ ሓየሎም ድራር ትፈልጥ'ኻ። እዞም ኣብ ሰልፊ ህዝቢ ዘለዉ መራሕቲ'ውን፡ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ናይ መሪሕ ግደ እንተነብሮም፡ ካብ'ቲ ኣብ ተ.ሓ.ኤ ዝተሰለፍሉ ዕለት፡ ክሳብ ኣብ'ዚ ሕጂ ዝርከብሉ ደረጃ ሓላፍነት ንኽበጽሑ ዝወሰዶ ዓመታት ዘሎ ርሕቀት ብስታትስቲክ እንተለኪዕናዮ፡ ነቲ ናትካ ሚዛን ኣብ ጌጋ ከውድቆ ዝኽእል ብዙሕ ነጥብታት ክህሉ'ዩ። ኣባላት መሪሕነት ሰልፊ ህዝቢ ብዘይካ ሓደን ክልተን፡ እቶም መብዛሕትኦም ካብ'ቲ ትብሎ ዘሎካ ናይ 25 ዓመት ዕድመ ንታሕቲ'ዩ። ኣይፋሉን እንተበልካ ንስኻ ብሰነድ መርትዖኻ ተቕረብ። ኣነ ከኣ መርትዖይ ከቕርብ። እዚ ሞጎተ ብወገነይ ኣብ'ዚ ይዓጹ።

በል'ስኪ ኣንቶንዮ፡ ኣብ ሓንቲ ሎ.ሊ.ኢ. 7 ሽሕ ኤርትራውያን ዝርከብዋ ከተማ 4-5 ኣባላት ጥራሕ ክህልወኩም ከለውስ ገለ ጉድለት ኣሎ'ልካዶ ንነፍስኻ ኣይትሓትትን ? መልሰይ ኣይሓትትን።።።።። ምኽንያቱ ኣብ ውሽጢ 4 ሚልዮን እዮም 6 ሰባት ቃልሲ ጀሚሮም፡ ስለ'ዚ ባህሪ ቃልሲ እንዳፈልጥኹ ንልሰምንታይ ይሓትት።

ኣሉ ቐጣን ሽረ-ስዊድን

<u>ኣነ ንትግራይ ከይድካ ኣይወጸንን</u>፡ ኣንቱም ሰባት ሽረ ኣበይ ድዩ፡ ካብ ሽረ ንስዊደን ኣራሪኻ ትብሎ ደኣ ንመን'ዩ። ሓው ሓየሎም ሕጂ ዳርጋ እርጋን ድዩ ወይስ ኣእምሮኻ ስሒትካ ግዲ ኮይንካ፡ ትማሊ ዝጸሓፍካያ ረሲዕካ፡ ኣይበልኩን ክትብል ጀሚርካ፡ እዚ ናይ ጉዳይ ጥዕና ኣይኮነን። ሙሉእ ጥዕና ዘይብሉ ከኣ ክሙጉትን፡ ንምስክር ክቀርብ ብዓይኒ ሕጊ ፍቑድ ኣይኮነን። ንስኻ ናይ 12 መዓልቲ ዝኸሪ ዘይብልካ፡ ብ'ሽምይ ብዛዕባ ናይ 25 ዓመት ጉዳይ ኣልዒልካ ክትዛረብ ትኽእል።

(እንተ ኣገባብ ሰልፍኹም ብ'ሽመይ ቆይሙ ንዝብል፡ ካብ ሽረ-ንስዊድን ኣራሪኻ ብኣምሰሉ ዝኾነ ቃላት ከተቃናብሮን ከተጽብቖን እንተፈተንካ፡ ንዘይፈልጦ ማዓር የጥርጦ፡ ምኻኑ ኣይትዘንግዕ። ብዛዕባ መን ትዛረብ ከም ዘሎኻ ዝርደኣካ ኣይትመስለን ኢኻ።) ቃል ሓየሎም ድራር ናይ ዕለት 26 ጥቅምቲ 2008)

ብዝኾነ፡ ኣነ ብዛዕባ ኣብ ትግራይ ኢትዮጵያ ምኻደይን ዘይምኻደይን ኣብ ምምስራት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዘራኽብ ኣይነበሮን፡ ግን ንስኻ ካብ ሽረ-ንስዊድን ኣራሪኻ ንስለ ዝበልካ ጥራሕ፡ ሽረ ከም ዘይኽድኩ ክእረመኻን ከወርዝየካ ከለብመካ ፈቲነ፡ ነዚ ከኣ ተመሊስካ ኣይበልኩን ትብል ካብ ሃሎኻ፡ መቀለ ከኣ ሽረ ከም ዘይኮነ ሓቢረካ፡ እዚ እውን ጌጋ ትብሎ ኣሎኻ። እሞ ሓው ሓየሎም ድራር ሽረ ደኣ መዓስ ኣብ ሽወደን ትረከብ ኮይና ዶስ ሕጂ ድማ ሓድሽ ሰበብ ከተምጽእ ስለ ዝደለኻ'ዩ። ወይ ከኣ እቲ ጽሑፍ ናትካ ከይኸወን ይኽእል'ዩ እሞ። ብሓጺሩ ናትካ እንተዘይኮይኑ ኣትሓዘለይ።

ሓውና ሓየሎም ጉዳይካ፡ ሞጎተኻ መእሰሪ ዘይብሉ፡ ከም ደርሆ ገደና ንኩሉ ዝጽሕትርን ዝተዀብን እኳ ኮይኑ፡ ጉዳይካ ሓደ ብሓደ ሰሪዕካ፡ እንተተዛረብካ፡ ጭብጥካ እንተቐረብካ፡ ሓደ ሰማዒ ትረክብ፡ ደጋፊ ትረክብ፡ ማለት ናይ'ቲ ዘቕረብካዮ ሓቅነቱ ይሃልዎ ኣይሃልዎ፡ ናይ ኣቀራርባ ሕቶ ከም ሕቶ ከገድስ ንስለ ዝኽእል፡
ንስኻ ግን ከም ኣንበጣ ካብ ሓደ ናብ ካልእ ሓደ ኣርእስቲ እንዳነጠርካ

1. ብዛዕባ መሪሕነት ትዛረብ
2. ብዛዕባ ታሪኽ ትዛረብ

3. ብዛዕባ ኮሚሽን ትዛረብ
4. ብዛዕብ ምምስራት ሰልፊ ትዛረብ
5. ብዛዕባ ቅዋም ትዛረብ
6. ብዛዕባ ጉባኤ ትዛረብ
7. ብዛዕባ ውልቀ ሰባት ትዛረብ
8. ብዛዕባ ዝበልካዮ ኣሉ ትብል
9. ብዛዕባ ንቅሓት ግን መሰል ዘይብሎም ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ትዛረብ ።
10. ብዛዕባ ዘየሎ ትዛረብ

ሚስተር ሓየሎም ድራር፣ ማስተር ኣርእስቲ ኮይንካ፣ መጀመሪያ ሓደ ነገር ካብ ኣበገሰካ፣ ብዛዕባ'ቲ ቅድም ዘልዓልካዮ ኣርእስቲ ወዲእኻ ኣብ ዝብጻሕ ኣብጽሓዮ'ሞ ድሕሪኡ ከኣ ምስ ረታዕኻ፣ ኣብ'ዚ ዘሎና መድረኽ ጸርፊ'ኳ ዘይፍቀድ፣ ነውሪ እንተኾነ ፣ ነቶም ክትጸርፎም ትደሊ ክትጸርፎም ክጥዕመካ ምኽኣለ። ካልእ ተወሳኺ ኣርእስቲ ኣልዒልካ ክትዛረብ ትኽእል፣ እንተኾነ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሓድሽ መስመር ሓድሽ ኣርእስቲ እንዳልዕልክ ንዓኻ ኣይጽቡቕ ነቲ ዘንብብ'ውን ኣይጽቡቕ።

ብዝኾነ ሓው ሓየሎም ድራር፣ ሓያል ሰብ፣ ለባም ሰብ ሕልና ዝለዎ'ዩ እሞ፣ ምስ'ቶም ተባዓት ተቃልስቲ ዝነበርካ ምኻንካ፣ ካብ መስከርካ፣ ነቲ ናትካ ልቦናን፣ ናይቶም መቃልስትኻ ዝነበሩ ምኽርን ተምክሮን ደማሚርካ፣ ልቢ ኣዕቢ። ናይ ሰልፊ ንሰልፊ ግደፈሉ፣ ካልእ ብዕሊ ውክልን ምስ ተዋሃብካ ምጥባቕ ተርከበሉ። ኣቶ ጠበቓ ሓየሎም ድራር። ብዝኾነ ኣብ መወዳእታ ክብለካ ዝደሊ፣ እዚ ብዛዕባ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣልዒልካዮ ዘሎኻ ጉዳይ ምሳይ ኣብ'ዚ የብቕዕ። ምኽንያቱ ከውሕን ማይን ዝረገጸ ኣሰር የብሉን ከም ዝበሃል፣ ዘረባኻ ከኣ ኣሰር ሞኀተ ስለ ዘይብሉ ብወገነይ ኣብ'ዚ ይድምድማ፣ ግን ንስኻ ንኩሉ ክትዕርዮ ከተማዓራርዮ ንእትደሊ ጉዳይ፣ ከም'ቲ ዕላዊ መልሲ ትደሊዮ ብዕሊ ተሰለፍ፣ ብዕሊ ተቃለስ።

እዚ ወድሓንካ!
ም
ሰናይ ትምኒት

6 ሕዳር 2008
ኣንቶንዮ ተስፋይ